ቢሮ ቴክኒክን ሙያን ትምህርትን ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ክልል ትግራይ ናይ መኪና ጎማ ብፕሮፎርማ አወዳድርካ ክንገዝእ/ ንደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጥቅምቲ 17, 2018 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 20, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 20, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ቁፅሪ ዕፆን/ምጨ/15/851/2018 ዓ/ም

ዕለት 14/02/2018 ዓ/ም

ምልክታ ፕሮፎርማ ቁፅሪ 1/2018 ናይ መኪና ጎማ ግዚኢት ይምልከት

ቢሮ ቴክኒክን ሙያን ትምህርትን ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ክልል ትግራይ ናይ መኪና ጎማ ብፕሮፎርማ አወዳድርካ ክንገዝእ/ ንደሊ:: ስለዚ ኣብዚ ፕሮፎርማ ጨረታ ክትወዳደሩ እትኽእሉ ዝምልከተኩም ሕጋውያን ነጋዶ በቲ ኣብ ታሕቲ ዝተገለፀ ረቓሒ መሰረት ንክትወዳደሩ ብክብሪ እናዓደምና እዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት ክተማልኡ ይግባእ ፡

1. ናይ 2017/18 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለኩም

2. ናይ ግብሪ ከፋላይነት ቲን ከምኡ ውን ዝተሓደሰ መቅረባይነት ናይ 2017/18 ዓ/ም ከቅርብ ዝክእል ይኸውን

3. ናይዚ ፕሮፎርማ ጨረታ ሰዓርቲ እንተኾይንኩም ካብ ዝተገለፀልኩም እዋን ጀሚርኩም ኣብ ውሽጢ ዝተወሃበኩም መዓልቲ ኣብ ስራሕ ክተቅርቡ እናሓበርና ክፍሊት ዝምልከት ምስ ሰዓርቲ ዝኮንኩም ተወዳደርቲ ብምርድዳእ በጀት ምስ መፅአ ትክፈሉ ምኟንኩም ክትፈልጥዎ ይግባእ

4. ነጋዶ ናይ መወዳደሪ ደኩሜንትኹም ናይቲ ዋጋ መምልኢ ቅጥዒን ናይ ትካልኩም ማህተምን ፌርማን ዘለዎ ኮይኑ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዝተዓሸገ ፖስታ ንቢሮ ቴክኒክን ሙያን ትምህርትን ስልጠናን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ክልል ትግራይ ዳይርክትሮት ዕደጋ፣ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 333 ካብ 17/02/2018 ዓ/ም ክሳብ 19/02/2018 ዓ/ም ክሳብ ሰዓት 11፡30 ኣብ ዘሎ ግዜ ዋጋ መሊኢኩም ክተቕርቡ እትኽእሉን ብድሕሪኡ ዝመፅኣ ፖስታ ዘይንቕበል ምኟና ንሕብር ።

5. ፕሮፎርማ ዝክፈተሉ ዕለት ቀፂሉ ይክፈት ናይ ስራሕ መዓልቲ 20/02/2018 ዓ/ም ሰዓት 3፣30 ናይ ንጉሆ ይከውን

6. ናይቲ ዝሰዓርኩምዎ ንብረትዋጋ ልዕሊ 20000.00/ሺሕ ብር/እንተኾይኑ ሻት ዝተመዝገብኩም ሻት 7.5 % ኣብቲ ቢሮ ተቐሪፁ ዝተርፍ ምኟኑ ክፈልጥ ይግባእ ።

7. ተወዳደርቲ ዘቕረብዎ መወዳደሪ ደኩሜንት ከም ውዕሊ ኮይኑ ከም ዘገልግልን ኮይኑ ሰዓራይ ምኟንኩም/ን ምስተ ፈለጠን ደብዳቤ ምስ በፅሓኩም ኣየቕርብን ምባል ተቀባልነት የብሉን ።
8. ቢሮና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ሕሉው እዩ ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

9. ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 034-4403447 ደዊሎም ክሓቱ ይኽእሉ ።

ቢሮ ቴክንክን ሙያን ትምህርትን ስልጠናንን ስራሕ ዕድል ፈጠራን ክልል ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle